

# ማሕላ ኣለና !




*ዝወደቐ ክንተክል : ዝነቐጸ ክነጥልል*
*ማሕላና ንዝተሸገረ ክንዕንግል*
*ክንደቃ ! ህያብ ሰዉኣትና ዝኾነት ሃገር :*
*ማሕላንና እንድዩ : ኣብ ሓደ ክንጥርነፍ*
*ክንምርሽ ንቕደም : በቲ ቅኑዕ መስመር*
*ተኾሊዑ ክነብር : ናይ'ቲ ጅግና ኣሰር :*
*መብጸዓ ዘይኣቶናን : ክንሰልማ ግምጃ*
*ሃገርና ክትከውን : ናይ ዞባና ወረጃ*
*ካብ ትኳቦ ክንድሕን : ምውፋርና ብኣላዳ*
*ምስክር ኒሕና : ዘይምውጣጥና ብዕዳ :*
*ኣእዳው ኣሕዋት : ዳግም ኣብ ሓደ ይጠርነፉ*
*ከይንዓቕና : ወላውን ትኹን ሓንቲ ናቕፋ*
*ርሃጽካ ስለዝኾነት : ተንጽፈልካ ተስፋ*
*ሱር በተኽ ትገብሮ : ንሸግር ገላሊፋ*
*ኣበርክቶኻ ! ኣለዎ ህዝበይ ሓለፋ :*
*መን ጸጊቡ ርኢና : ካብ ሂያብ ትካቦ*
*ሕልናኻ ኣልሚሱ : ዘእትወካ ኣብ መጻብቦ*
*መሕስረሪ መንነተካ ኮይኑ : ፋይዳ ዘይርከቦ*
*ንብስኻ ምኽኣል ዝጭርሖና ብዓንተቦ :*
*ማሕላ ኣለና : ንውራሻ ሪም ዓደቦ*
*ራህዋ ክዓስላ : ክትናገፍ ካብ ዓጸቦ*
*ኣብ መሳርዕና ንስመር : ሰኒቕና ሓቦ :*
*ኣይንሕና እንዲና : ሰብ ድርብ ጭማራ*
*ብግብሪ ዘመስከርና : ኣብ መሬታ ኣብ ባሕራ*
*ንኸስ ብጻይ : ኣደልድሎ ዕጥቅኻ*
*ዝናሩ ዕጠቕ : ዕጥቂ ናይቲ ጅግና*
*እጃም ናይ ኩልና ዩ ከነትግብር ማሕላና :*
*ሰማእታትና ብተግባር ይደበሱ :*
*ዓወት ንሕፋሽ :*
*ብርዒ ሕቂ :*

# ኤርትራ ሰልምቲ : ህያብ ሰማእቲ